ማሕበራዊ ረድኤት ትግራይ ማረት ነዞም ዝስዕቡ ናይ ህንፃ መሳርሒ ኣቁሑት (Construction Materials) ብጨረታ አወዳዲራ ንምዕዳግ ትደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ነሓሰ 5, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ነሓሰ 20, 2017 5:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:2%
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ነሓሰ 21, 2017 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮንስትራክሽን ማሽነሪን ኣቁሑትን/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/

ጨረታ ምልክታ

ማሕበራዊ ረድኤት ትግራይ ማረት ነዞም ዝስዕቡ ናይ ህንፃ መሳርሒ ኣቁሑት (Construction Materials) ብጨረታ አወዳዲራ ንምዕዳግ ትደሊ። ስለዚ ክትጫረቱ እትደልዩ ተጫረቲ በዚ ቀፂሉ ተዘርዚሩ ዘሎ መሰረት ክትወዳደሩ እትኽእሉ ምኻንኹም ንሕብር።

I. ናይ 2017 ዓ.ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎም ተጫረቲ ካብ ቢሮ ቁፅሪ 607 /200.00/ ቅርሺ ከፊሎም ናይ ጨረታ ዶክመንት ክውስዱ ይኽእሉ።

2. ተጫረቲ ንግዲ ፍቓድ ዝተመዝገብሉ ናይ ቫት ሴርቲፍኬትን፣ ቲን ቁፅሪ፣ ዝተመዝገብኩም ምካንኩም መረጋገፂ ሙሉእ ደኩመት ከቕርቡ ኣለዎም።

3. ተጫረቲ ካብ ዘቕረብዎ ጠቕላላ ዋጋ 2% ክልተ ካብ ሚኢቲ/ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ ሕጋዊነቱ ብዝተረጋገፀ ሲፒኦ ጥራሕ ከትሕዙ አለዎም።

4. ተጫረቲ ዝጫረተሉ ሰነድ ብዝተአሸገ ፖስታ እዚ ጨረታ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ማለት 06/12/2017 ዓ.ም. ጀሚሩ ክሳብ 20/12/2017 ዓ.ም እዮ ። እቲ ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 20/12/2017 ዓ.ም ልክዕ ሰዓት / 5:00 / ናይ ንጉሆ ይከውን ። ስለዚ ናብ ማረት ቤት ፅሕፈት ኩሉ ጊዜ ኣብ ስራሕ ስዓት እናመፁ ሰነድ ጨረታኦም ክገዝኡ ይኽእሉ።

5. ጨረታ ዝኸፈተሉ ዕለት ድማ 20/12/2017 ዓ.ም ሰዓት 9፡00 አብ ማረት ቤት ፅሕፈት ተጫረቲ ወይከዓ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረኽብሉ ይክፈት። ከምኡዉን ዶክመንት እንድሕር ተማሊኡ ንከፍት ምካኑ ንሕብር ።

6. እቲ ዝተዉሃበ በዝሒ ግፅ ናይ ጨረታ ሰነድ ገንፂልካ ምትራፍ ኣይፍቀድን እቲ ዝመላእኩምዎ ጨረታ ሰነድ ቁቡል ከምዘይንገብሮ ነፍልጥ።

7. ሕድ ሕድ ገፅ ማሕተም ዕለት ፊርማን ክህልዎ አለዎ ከምዐኡ ድማ ናይ ጨረታ ሰነድ ዝትመልእዎ ዋጋ ስርዝ ድልዝ ዘለዎ እንተኮይኑ ተቀባልነት የብሉን።

8. ኣብቲ ጨረታ ዝተጠቀሰ ሞዴል (Specifeation) ምስራዝ ኣይካኣልን።

9. እቲ መእዚ ሰነድ ድማ ከም ዉዕሊ ኮይኑ የገልግል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

10. እቲ ድርጅት ዝሓሸ ኣማራፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ኾነ ብኽፋል ናይ ምስራዝ – መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ማረት ቤት ፅሕፈት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle